# ጴጥሮስ ወጳውሎስ

እኖና ቤተ ክርስቲያን በዙ መዓልትዙይ ነዞም ክልተ ኣዕማድ ቤተክርቲያን ብፁዓን ሐዋርያት ጴጥሮስን ጳውሎስን ብዓጀብ ተብዕሎም ፥ እንካብቶም ካልኣት ሓዋርያት ኣብሊጻ ተኽብሮም። ንሐሳብና ናብዞም ክልተ ሐዋርያት ነብሎ ፥ ንቱ ሕይወቶምን ሐዋርያዊ ጻዕሮምን ንስተንትን።

ቅዱስ ጴጥሮስ፡-- ሐደ ካብቶም ቀዳሞት ሐዋርያት ንኢየሱስ ቃሉ ሰሚያም ዝተኸተሉዎ ቅ.ጴጥሮስ እዩ። እዙይ ንእየሱስ ሐንሳእ ምስ ረኸቦ ኣይገደፎን ግብሩን ዘረባኡን ምስተዓዘበ ብልቡ ኣመኖን ኣፍቀሮን ፥ ተኸታሊኡ ኮነ ። እየሱስ ጸግዑ ኮነ ካብኡ ተፈሊኻ ሕይወት ዘሎ ኣይመስሎን ነበረ። “ጐይታይ ናብ መን ክንከይድ ዘለዓለማዊ ሕይወት ዚህብ ቃል ዘሎካ ንስኻ ጥራሕ ኢኻ ። ንሕና ንስኻ ክርስቶስ ወልደእግዚኣብሔር ከምዝኾንካ ንፈልጥን ንኣምንን ኢና ” እናበለ ሐደ መዓልቲ እምነቱ ግለጸሉ (ዮ.6፡68) ፥ እቱይ ከዓ እምነቱን ፍቕሩን ርእዩ “ ንስኻ ጴጥሮስ (ከውሒ) ኢኻ ኣብ ልዕልዙ ከውሕዙይ ከዓ ቤተክርስቲያነይ ክሃንጽ ኢየ፥ መፍትሕ መንግሥተ ሰማያት ክህበካ ኢየ፥ ኣብ ምድሪ ዝፈታሕካዮ ኣብ ሰማይ ከዓ ኪፍታሕ ኢዩ፥ ኣብ ምድሪ ዘሰርካዮ ክዓ ኣብ ሰማይ’ውን ኪእሰር ኢዮ (ማቴ.16፡ 18) ፥ ኣባጊዔይን መሐስኤይን ሐሉ ” (ዮ.21፡16)፥ እናበለ ርእሲ ዅሎም ሐዋር ያትን ዋና ቤተክርስትያኑን ሸሞ።

እንተኾነ ቅ. ጴጥሮስ እቱ ምስ ኢየሱስ ዝነበሮ እምነትን ፍቕርን ባህርያዊ ሰለዝነበረ ገና እቱ ብርትዓት ዚገብር ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ዘይተቐበለ ስለዝ-ነበረ ኣብ እዋን ሕማማት ሰንደልደል በለ ፥ ብፍርሐት ነቱ ዘምኖ ዝነበረ መምህሩ ክሐደ ። ኢየሱስ ኣቐዲሙ “ ደርሆ ከነቀወ ፫ ጊዜ ክትክሐደኒ ኢኻ” እናበለ ተነቢዩሉ ነበረ። (ማቴ. 26፡34)፥ ቅ. ጴጥሮስ ንርእሱ ይኣምን ስለዝነበረ ንኢየሱስ ኪኣምኖ ኣይከኣለን። “ዅላቶም እኳ ብኣኻ እንተተዓን--ቀፉ ኣነ ብኣኻ ኣይዕንቀፍን ኢየ፡ ሞትውን እንተኾነ ምሳኻ ክመውት ኢየ” እናበለ ተጃህረ (ማቴ.26፡35) ። ንርእስኻ ምእማን፡ ምጅሃር ድንገታዊ ኢዩ ፥ ዓቕምኻን ሕመቕካን ዘይምፍላጥ ክንደይ ይጐድእ። ክንጃሃርን ነርእስና ክንኣምንን እንክሎና እግዚኣብሔር በይንና ይሓድገና፥ ክንጋገን ክንወድቕ-ን የፍቅድ፥ ሽዑ እንታይ ከምዝኾንና ይፍለጠና።

ቃል ኢየሱስ ቀልጢፉን ከምዘሎን ተፈጸመ፥ ቅ. ጴጥሮስ ደርሆ ከይነቀወ ፫ ጊዜ ንኢየሱስ ከሐዶ ድኅርዙይ ደርሆ ነቀወ፥ ቅ.ጴጥሮስ ቃል መምህሩ ዘኪ -ሩ ኣምሪሩ ብኸየ (ማቴ.26፥69-75) ፥ ክሳብ ዚመውት'ውን ደርሆ ኪንቁ ኪምሰዕ እንከሎ ብጥልመቱ ይበኪ ነበረ። ይሁዳ ንኢየሱስ ኣሕሊፉ ዝሃቦ ተጣዕሰ ፥ ግና ኣይተነስሐን ፥ ብኃጢአቱ ተጸጺቱ ናብቱ ዝሸጦ ኣምላኹ ክንዲ ዚምለስ ተስፋ ቆሪጹ ተሐንቀ። ቅ. ጴጥሮስ ግን ተስፋ ቆሪጹ ክንዲ ዚሕነቕ ንምሕረት ኢየሱስ ኣሚኑ ብበደሉ ሐዚኑ ናብቱ ዝኸሐዶ ኣምላኹ ተመልሰ፥ ንሱ ከዓ ኣእዳዉ ዘርጊሑ ተቐበሎ ፥ ኣብ ኃጢአት እንክንወደቕ ንቅ. ጴጥሮስ እምበር ንዩሁዳ ኣይንክተል፥ ተስፋ ኣይንቑረጽ፥ ወዲቕና ኣይንትረፍ ፥ ሐዚንና ናብቱ መሐሪ ኣምላኽና ንመለስ።

ቅ.ጴጥሮስ እንካብ ኃጢአቱ ምስ ተንሠአ በደሉ ምእንቲ ኪኸሕስ ኣብ ኵሉ ብኢየሱስ ኪሰብኽ ጀመረ ። እቱ ብመዓልቲ ጰራቅሊጦስ ዝተቐበሎ ጸጋ መንፈስ ቅዱስ ብፍቕሪ ክርስቶስ ኣለዓዓሎ። ከምቱ ቅድም ኣብ ቅድሚ ሰብ ዝኸሐዶ ከማኡ ደኃር ኣብ ቅድሚ ኵሉ ሕዝቢ ብኣኡ ደፊሩ ተዛረበ ። ምእንቲ ኢየሱስ ብዙኅ ድኅሪ ሰሪሑን ተሳቂዩን ብዙኅት ነፍሳት ናብ ክርስትና ድኅሪ መሊሱ ሕይወቱ ኣብ መወዳእታ ምእንቲ ኢየሱስ ኣወፈየ። ንሕናኽ ንኢየሱስ ከምዚ ጌርናዶ ንፈትዎ ። ንዓና ኃጥአተኛታት ቅዱስ ጴጥሮስ ዜደንቕ ኣብነት ቅድስና ኢዩ ቅድስናኡ ተስፋ ዚህበናን ዜበራት ዓናን ኢዩ። ንሱ ብኣብነቱ " ንስኻትኩምውን ከማይ ካብ ኃጢኣተኛታት ቅዱሳን ክትኮኑ ኣጸቢቕኩም ትኽእሉ ኢኹም" እናበለ የላዕለና ። እንካብቱ ብኃጢአት ከይተበላሸወ ወትሩ ብቅድስና ዚነብር እቱ ሕይወቱ ብኃጢአት ኬባላሹን ንሰብ ክዕንቅፍን ነይሩ እሞ ደኃር ተንሲሑ ሕይወቱ ዚቕይርን ቅዱስ ዚኸውንን የደንቕናን ይላዓዕለናን።

ቅ. ጴጥሮስ፡— ቅ. ጴጥርስ እንካብ ማንም ገፋፊ ዓሳ ተኸታሊ ክርስቶስ እንኪኸውን፡ ቅ. ጳውሎስ እንካብ ብርቱዕ ጸላኢ ክርቶስ ብርቱዕ ተኸታሊኡ ኮነ። እቱይ ብቐሊል መገዲ ሐዋርያ እንኪኸውን እዙይ ብኃይሊ ጸጋ ብታኣምራት ሐዋርያ ኮነ።

ቅዱስ ጳውሎስ፥— መን ኢዩ ቅ. ጳውሎስ ፥ ቅድም እንታይ ነይሩ ከመይ ኢሉ ተመሊሱ ግብረ ሐዋርያት ነንብብ (ግ.ሐ. 9፥1–7) ። "ሳውል ገና ኣብ ልዕሊ ኣብያተ ክርስቲያናት ቂምታ ነበሮ ፥ ንተማሃርቲ ኢየሱስ'ውን ይቐ ትሎም ነበረ። ነቶም ኣብ ደማስቆስ ዝነበሩ ሰብኡትን ኣንስተን (ክርስቲያን) ኣሲሩ ንኢየሩሳሌም ኬምጸኦም እንካብቱ ሊቃነ ካህናት

ፍቓድ ለመነ። ፍቓድ ርኺቡ ኪኸይድ እንከሎ ኣብ ደማስቆስ ምስቀረበ ብሃንደበት ካብ ሰማይ በርቂ ወሪዱ ኣብ ምድሪ ኣውደቖ፥ “ሳውል ሳውል ንምንታይ ተሳድ-ደኒ” ዚብሎ ድምጺ ሰምዔ ። “መን ኢኻ ጐይታይ” እናበለ ሐተቶ፥ “እቱ ንስኻ ተሳድደኒ ዘሎኻ ኢየሱስ ናዝራዊ ኢየ፥ ተጻይ ቀይዲ ፍንጥርዕ ምባል ኣይሕሸካን ኢዩ” በሎ ። እቱይ እናንቀጥቀጠ ገሪምዎ “ ጐይታይ እንታይ ክገብር ትደሊ” እናበለ ጠየቆ ፥ “ተንሥእ ኣብ ከተማ እቶ ፥ ኣብኡ እቱ ክትገብሮ ዚግባካ ክነግሩኻ ኢዮም ” በሎ ። ሳውል ንደማስቆ ክኸይድ እንከሎ ኢየሱስ ኣቐዲሙ ንሐደ ካብቶም ኣብኡ ዚንብሩ ተኸተልቱ ኣናን ያ ዚብሃል “ ተንስእ ፥ ናብቱ ሳውል ዚብሃል ኪድ ስመይ ኣብ ኣሕዛብ፥ ነገሥታት ደቂ እስራኤል ኬብጽሕ ሕሩይ መሳርሒየይ ገይርዮ ኢየ ። ምእ ንታይ ክንደይ ኪሳቐ ክምዘሎዎ ክነግሮ ኢየ” በሎ (ግላ.2፡20--ግ.ሐ.9፡20)። ሳውል ኣብ ደማስቆስ ምስአተወ ከምቱ ኢየሱስ ዝብሎ እቶም ክርስቲያን ብጽቡቕ ተቐበልዎ ፥ ኢየሱስ መን ክምዝኾነ ገለጽሉ ፥ ብፍቕሩ ኣላዓሉ ዎ ፥ ሐዋርያኡ ገበርዎ ። ደኅርዙይ እቱ ቅድም ሳውል ዚበሃል ዝነበረ ጳውሎስ ተባህለ ፥ እቱ ብርቱዕ ጸላኢ ክርስቶስ ዝነበረ ዓብይ ሐዋርያኡን መፍቀሪኡን ኮነ ፥ ሐደ ካብቶም እሙናት ተኸተልቱ ኮነ ። ንክርስቶስ ኪስዕር ኢሉ ዝኸደ ብክርስቶስ ተሳዒሩ ተረፈ ፥ ጽልኢ ክርስቶስ ሒዙ ዝነቐለ ፍቕሩ ሒዙ ተመልሰ ። ሕይወቱ ፥ ኣተሐሳስባኡ ፥ መንገዱ ፥ ብጭራሽ ተቐየረ። ንኢየሩሳሌም ተመሊሱ ብኢየሱስ ኪሰብኽ ጀመረ ፥ ነይሁድ “ ክርስቶስ ወልደእግዚኣብሔር ኢዩ ” ኣናበለ ተኸራኸሮም (ግ.ሐ.9፡20)።

ኣንካብዙይ ንደሐር ዓላማ ሕይወቱ ክርስቶስ ኮነ ፥ “ ንብረትይ ክርስቶስ ኢዩ (ፊሊ.1፡2) ፥ ኣነ ኣይኮንኩን ዝነብር ዘሎኩ ፥ እንታይ ደአ እቱ ምሳይ ዘሎ ክርስቶስ ኢዩ (ገላ.2፡20) ” ። ሓሳቡን ስርሑን ንክርስቶስ ኣብ ኵሉ ምፍላጥ ኮነ ፥ “ ፍቕሪ ክርስቶስ ይደፍአና ” ይብል ነበረ (2 ቆሮ.5፡14) ። ምእንቲ ስፍሐት መንግሥቱ ናብ ብዙኅ ነገራት ተዋናጨፈ ። ኣብ ኵሉ ተገዲሱ ምእንቲ  ክርስቶስ ጸዓረ ብዙኅ ፍረ ኣፍረየ ፥ ብዙኃት ነፍሳት ናብ ክርስቶስ ሰሐበ ።  ሽሕኳ ብምምጻኡ ድኅሪ ኵሎም ሐዋርያት እንተኾነ ፥ ብስራሑ ግን ቅድሚ ኵሎም ኢዩ ። ካማኡ ደፊሩ ወንጌል ዘበሰረ ፥ ብዙኅ ፍረ ወንጌል ዝገበረ የልቦን ፥ ማንቲ ክርስቶስ ብሁኅ ከምዝጸዓረን ከምዝተሳ ቐየን ብዕሉ ይናገር (1ቆሮ.9፡1-8 ፥ 2ቆሮ.11፡22-30) ። ብዝገበሮ ፍረ ወን ጌል ተሐጕሱ “ሕይወተይ ወዲአ ፥ መገደይ ክይደ ፥ ጽቡቕ ተዋጊኤ” እና በለ ሕይወቱ ብኣኽሊል ሰማዕትነት ጨረሾ (2ጢሞ.9፡7) ።

አምላኽ ኪጽዋዓና እንከሎ ከምዙ ሐዋርያዙይ ቀልጢፍናን ብልብናን ንመል ሰሉ ፥ እቱ ካባና ዚደልዮ ተሐጕስና ንሃቦ ። ክም ቅዱስ ጳውሎስ ንኢየሱስ መድኅኒና ብኹሉ ኃይልና ነፍቅሮ ፥ ምእንታኡ አብ ውርደትን ስቓይን ም ብጻሕ አይንፍራሕ ። ነዙ ዓቢይ ሐዋርያ ኣብነት ሕይወትና ንግበሮ ፥ ከማ ኡ ነቱ ክፉእ ጠባይናን አመልናን ስዒርና ካብ ንብረት ኃጢአት ቈሪጽና ብድድ ንበል ፥ ጨኪና ሕይወት ቅድስና ንሕዝ።

**አሜን!!!**

ካብ መንፈሳዊ መተሓሳሰቢ

ዝተወስደ